# ኣገልግሎታት ናብዮት ዓበይቲ፤ (APS) Investigations
## ናይ ሓቂ መዝገብ
## Adult Protective Services (APS) Investigations
## Fact Sheet

ናይ ልዕሊ ዕድመ ሰባት መከላኸሊ ኣገልግሎታት (APS) ተቓላዓይ ዝኾነ ልዕሊ ዕድመ ሰብ በዝቢዝካ፡ ደርቢኻ፡ ገንዘባዊ ምዝመዛ ፈጺምካ ወይድማ ዕሸሽ ኢልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ ዝብል ሪፖርት ይምርምር ኣሎ። እዚ ሰነድ ብዛዕባ ናይ መርመራ ከይዲ፡ መሰላትካ፡ ከምኡድማ ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክፍልጠካ እዩ። ከም ኣካል ናይቲ መርመራ፡ APS ብዛዕባ እቲ ዝቐረበ ውንጀላ(ታት) ሰነዳት ክግምግም ከምኡድማ ሰባት ቃለ-መሕተት ክገብር እዩ።

ውጽኢት ናይቲ መርመራ ንዓኻ ከቢድ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ብኽብረትካ እዚ ብጥንቃቐ ኣንብቦ።

| | |
|---|---|
| እቲ ኣብ ጉዳይካ ዝተመደበ መርማሪ እዚ እዩ፦ | |
| ኣብዚ ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም ኣብ፦ | |

### እንታይ መሰላት ኣለዉኒ?

- ኣብ እዋን እቲ ገምጋም ሳልሳይ ወገን (ከም ዓርኪ፡ ጠበቓ፡ ናይ ማሕበር ወኪል፡ ናይ ስድራ-ቤት ኣባል፡ ወይድማ ሞግዚት ዝኣመሰለ) ክትማላእ መሰል ኣለካ።
- ቀዳማይ ቋንቋኻ እንግሊዝኛ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ክፍሊት ናጻ ኣስተርጓሚ ክቐርበልካ መሰል ኣለካ (APS ኣባላት ስድራ-ቤት ኣስተርጎምቲ ጌሩ ክጥቀም ኣይፍቀደሉን)።
- ኣብቲ ቃለ-መሕተት ናይ ዘይምስታፍ፡ ጀሚርካ ምግዳፍ፡ ወይድማ ንካልእ ግዜ ክቕየረልካ ምግባር መሰል ኣለካ።
- ምስቲ ውንጀላ ዝዛመዱ ሰነዳት ወይ ምስክራት ናብ APS ከተቕርብ መሰል ኣለካ።

### APS ብዛዕባ እቲ መርመራ ከመይ ጌሩ እዩ ክፍልጠኒ?

- APS ኣብ እዋን መርመራ APS ኣብ ዝኣከቦ መርትዖ ተደሪኹ እዩ ውሳነ ዝውስን። APS ዝውስኖም ዓይነታት ውሳነታት:
  - **ብመርትዖ ዝተደገፈ**: ናይቲ ውንጀለ ሓቃዊነት ልዕሊ ሓምሳ ምኢታዊት ከምዝኾነ
  - **ብመርትዖ ዘይተደገፈ**: ናይቲ ውንጀላ ዘይሓቃዊነት ልዕሊ ሓምሳ ምኢታዊት ከምዝኾነ
  - **ናብ መደምደምታ ዘየብጽሕ**: እቲ ተኸሲቱ ዝተባህለ ጉዳይ ይፈጸም ኣይፈጸም ውሳነ ምሃብ ኣይተኻእለን።
- APS ናይቲ ውንጀላ ሓቂነት ልዕሊ ሓምሳ ምኢታዊት ኮይኑ እንተረኺቡዎ፡ APS ብዝተፈቕደሉን ስሩዕን ፖስታ ኣቢሉ ደብዳበ ልኢኹ ክፍልጠካ እዩ።
- APS ናይቲ ውንጀላ ዘይሓቃዊነት ልዕሊ ሓምሳ ምኢታዊት ኮይኑ እንተረኺቡዎ፡ APS ብዘረባ ክፍልጠካ እዩ። ደብዳበ እንድሕር ሓቲትካ ከኣ APS ክህበካ እዩ።
- APS እቲ ውንጀላ ሓቂ ድዩ ኣይኮነን ከረጋግጽ እንድሕር ዘይከኣለ፡ APS ብዘረባ ክነግረካ እዩ። ደብዳበ እንድሕር ሓቲትካ ከኣ APS ክህበካ እዩ።
- APS ወድዓዊ ኣድራሻኻ እንድሕር ዘይብሉ፡ እቲ ደብዳበ ናብ ግጉይ ኣድራሻ ስለዝልኣኸ፡ ኣገዳሲ ቁሩጽ እዋናት ከምልጠካ ይኽእል እዩ።

**ትሕቲ ደረጃ ዝኾነ ግንዮት እንታይ ማለት እዩ?**

APS ነቲ ናይ ምዝመዛ፡ ዕሽሽታ፡ ምድርባይ፡ ወይድማ ገንዘባ ምዝመዛ “ኣብ መርትዖ ዝተደረኸ እዩ” ክብል እንድሕር ወሲኑ፡ በቲ ግንዮት እንድሕር ዘይትሰማማዕ ይግባይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡ እቲ መስርሕ ይግባይ ምስ ተዛዘመ ናይ APS ውሳነ እንድሕር ጸዲቑ፡ ስምካ ኣብ መዝገብ ክሰፍር እዩ፡፡

**ስምካ ኣብ መዝገብ እንድሕር ሰፊሩ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብወለንታኻ ይኹን ብሓልእ ኣገባብ ብዘይ ተቖጻጻሪ ምስ ተቓላዕቲ ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት ወይ ህጻናት ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ስምካ ካብቲ መዝገብ ዝሕክኽሉ መንገዲ የለን፡፡**

**ኣንጻር ናይ APS ውሳነ ክማጎት እኽእልዶ?**

- APS እቲ ውንጀላ **ብመርትዖ ዝተደገፈ ኣይኮነን** ወይድማ **ኣብ መደምደምታ ዘብጽሕ** ኣይኮነን ክብል እንድሕር ወሲኑ ዋላ ሓንቲ ምግባር ኣየድልየካን፡፡
- APS እቲ ውንጀላ **ብመርትዖ ዝተደገፈ** እዩ ክብል እንተወሲኑሞ ንስኻ በቲ ውሳነ እንድሕር ዘይትሰማማዕ ይግባይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡ እቲ ናይ APS ደብዳበ ከመይ ከምኡ ከምትገብር ሓበሬታ ክህበካ እዩ፡፡

**ጠለብ መጋባእያ ንምሕታት ኣብ መበል 30 ዓውደ-ኣዋርሕ ክሳዕ 5 00 ድ.ቐ ዘሎ ጊዜ ጥራይ እዩ ዘለካ ማለት ውን ድሕሪ እቲ ኽፍሊ መዘኻኸሪ ደብዳቤ ብቡስጣ ዝልእከልካ ወይ ብኣካል ዝቐርበልካ ዕለት፣ ካብዚኦም እቲ ዝቐደመ**

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

ኣብ ኢንተርነት ብዛዕባ APS ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ኣብ https://www.dshs.wa.gov/altsa/adult-protective-services-aps.